## አገዳሲ ህዝባዊ ምልክታ/ሓቤረታ
## ዘተ ምስ ክልተ አባላት በርገሳዊ ማሕበር ተኻፊለቲ አኼባ ኤ.ደ.ኪ

ዝኸበረኩምን ዝኸበርክንን ደቂ ሃገር፡ በቀዳምነት ልዑልን ምዉቕን ሃገራዊ ሰላምታና ይብጻሕኩም።

እነሆ እውን ሕጂ፡ ልሙድ መደብና መሰረት ብምግባር፡ ንቀዳም ዕለት 31.05.2008 ዓ.ም.፡ አቶ እማሃ ዶመኒኮ ከምኡ እውን መምህር ተስፉ ዘውደ፡ አጋይሽ መራኸቢ ብዙሓን ፓልቶክ (Paltalk) „Eritrean Room For Strong And United Opposition“ ኮይኖኢ ከምስዩ ዓዲመናዮም አሎና። ምኽንያት መዔደሚ ናይዞም ክልተ ደቂ ሃገር ካአ፡ „ን-መርበብ ሲቪላውያን ማሕበራት ኤርትራውያን አብ ኤውሮጳ፡ ወኪሎም አብ ካልአይ ጉባኤ „ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን (EDA)“፡ ተኻፊሎም ስለ ዝነበሩ፡ እሞ ነዚ መሰረት ብምገባር፡ ሓቀኛ ስእሊ፡ ናይቲ ካብ ዕለት 05 — 11. ወርሒ 05. 2008 አብ አዲስ አበባ ዝተገበረ አኼባ ኤ.ደ.ኪ (EDA)፡ ንህዝቢ ንምሕባር እዩ።

አቶ እማሃ ዶመኒኮ አባል ናይ „ኤርትራውያን ንፍትሕን ደሞክራሲን፡ አብ በነሉክስ“ ክኸውን እንከሎ፡ መምህር ተስፉ ዘውደ ካአ አባል ናይ „ስኒት ሰላም አብ ፍራንክ-ፎርት ጀርመን“ እዩ። እዞም ክልተ ኤርትራውያን እዚአቶም፡ አብዘን ክልተ ዝተጠቐሳ በርገሳውያን ማሕበራት ኮይኖም፡ ህዝብና መሰረታዊ ሰብአዊ መሰላቱ አለሊዩ፡ አንጻር እቶም መሰረታዊ ሰብአዊ መሰላቱ ዝዕምጹን ዝጭፍልቑን ጠጠው ንኽብልን ክምክትን፡ ተቃሊሶም ዘቃልሱ ዘለዉ ደቂ ሃገር እዮም። ካብዚ ሓሊፎም እውን፡ እተን ንሳቶም ዘለውወን ሲቪላዊ ማሕበራት፣ አባል ናይታ 11 ማሕበራት እተጠቃልል፣ „መርበብ ሲቪላውያን ማሕበራት ኤርትራውያን አብ ኤውሮጳ (NECS — EUROPA)“ ተብሂላ እትጽዋዕ: ስለ ዝኾና፡ አብዛ መርበብ እዚአ ኮይኖም፣ ናይ ሓባር ቃልሲ ኤርትራዊ ዝረጋገጸሉ፣ ድምጹ ህዝብና ዝብርታዓሉ፣ ባይታ ንኽድልድል፡ ዝተቃለሱን፡ ብቀጻልነት’ውን ክይታሓለሉ፡ ዝቃለሱ ዘለዉ ዜጋታት እዮም። ከምቲ አብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ፡ አቶ እማሃ ዶመኒኮ-ን መምህር ተስፉ ዘውደ-ን ነዘን ዝስዕባ 11 ሲቪላውያን ማሓበራት ኤውሮጳ ወኪሎም አብቲ አብ አዲስ አበባ ዝተገበረ አኼባ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን (EDA) ተኻፊሎም። ንሳተን ካአ፤

1. ኤርትራውያን ንፍትሕን ደሞክራስን - በነሉክስ
2. ኤርትራውያን ንሰብአውን ደሞክራስያውን መሰላት - ዓባይ ብሪጣንያ
3. ኤርትራውያን ንሰብአዊ መሰላት - ጀርመን
4. ህዝባዊ ምንቅስቓስ ንደሞክራስ አብ ኤርትራ - ሽወደን
5. ኤርትራዊ ማሕበር ንሰላም - ጀርመን
6. ምትሕብባር ንፍትሕን ደሞክራስን አብ ኤርትራ - ዓዲ ጥልያን
7. ኤርትራውያን ንሰላምን ደሞክራስን - ስዊዘርላንድ
8. ርሊዝ ኤሪትርያ - ዓባይ ብሪጣንያ
9. ምንቅስቓስ ሕብረት ኤርትራውያን - ኖርወይ
10. ሲኒት ሰላም - ጀርመን
11. መቃልሕ ኤርትራ - ጀርመን

እየን። ስለዚ፡ አቶ እማሃ ዶመኒኮን መምህር ተስፉ ዘውደ፡ ነዘን 11 ሲቪላውያን ማሕበራት ኤውሮጳ፡ ወኪሎም፡ ንምርግጋጽ ግልጹነት አኽባ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን አብ አዲስ አበባ፡ ስለ-ዝተኻፈሉ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብዛዕባ እቲ ሓቀኛ ስእሊ ናይቲ ዝተገበረ አኼባ፡ ክሕበርን ክፈልጥን፡ መሰረታዊ ሰብአዊ መሰሉ እዩ፡ ዝብል ዕግበት ሰለ ዘለዎም፡ ቀዳም ዕለት 31.05.2008 ክሕብሩና ቅሩባት እዮም እሞ፡ እዚ ፖለቲካዊ ዘተ እዚ ከይሓልፈኩም፡ ንኹልኻትኩም/ክን አሕዋትን አሓትን፡ ምሳና ክተምስዩ ብኽብሪ ንዕድም። ንሓበረታ ዝአኽል፡ አቶ እማሃ ዶመኒኮነ መምህር ተስፉ ዘውደ ኮይኖም፡ በሽም መርበብ ሲቪላውያን

**ማሕበራት ኤርትራውያን ኣብ ኣውሮጳ፡ ዝጻሓፍዋ፡ „መልእኽቲ“ ዝብል ኣርእስቲ ዝሓዘለት፡ ኣብቲ ኣኼባ ኪዳን ዝሃብዎ ቃል እትሕብር፡ ኣብ** www.asmarino.com **-ን ኣብ** www.togoruba.org **ክትረኽብዋን ክተንብብዋን ይካኣል እዩ።**

**ብዳሓን ምጽኡ**

*ካብ ኤርትራውያን፡ ኣባላት ዝተፋላለያ ውድባትን፣ በርገሳውያን ማሕበራት፣ ብውልቀ ተቓወምቲ፣ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን፡ ፓል-ቶክ (Paltalk)፡ ብዛዕባ ኩነታት ህዝብናን ሃገርናን፤ ከምኡ እውን ከም ተቓወምቲ መጠን፡ ብኣግባብ ኣቃላልሳና እንማያየጥን እንዛተን ደቂ ሃገር።* *erfsauo@yahoo.com*